ጣልያን

MINISTERO DELL'INTERNO

EUROPEAN UNION AGENCY FOR ASYLUM

# ኣብ መቐበሊ ቦታ ዘለኹም መሰላትን ግዴታታትን



እዚ ሓበሬታ ንዓኻ ይምልከት፣ እንድሕር ደኣ፡

- ዓብዪ ሰብ ኴንካ (ልዕሊ 18 ዓመት)
- ንኣህጉራዊ ሓለዋ (ዑቕባ እውን ይበሃል) ኣብ ጣልያን ክትሓትት ከም እትደሊ ንሰብ መዚ ሓቢርካዮም፣ ሕጂ ድማ ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ኢኻ ዘለኻ።

**ኣብዛ ሃገር ዉሑስ ኢኻ።**

TIGRINYA

## ምቕባል ወይ ኣቀባብላ እንታይ እዩ?

ኣቀባብላ ማለት በዓል መዚ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ንክምርምሩ ኣብ እትጽበየሉ እዋን እትረኽቦ ደገፍ እዩ። ኣብዛ ብሮሹር ወረቐት ተገሊጹ ዘሎ ናይ ምቕባል መሰላትን ግዴታታትን የጠቓልል።

ኣብ ዓዲ ጣልያን እቲ ናይ ምቕባል ሓላፍነት ዘለዎ በዓል መዚ  ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ሃገር እዩ። እቲ ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዎ በዓል መዚ  ፕሬፈቱራ ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ናይ መንግስቲ እዩ።



እቶም ሰርሕተኛታት ኣባል ናይ ምምርማር ጉዳይካ ፣ኣብዚ ብሮሹር ዘሎ ሓበሬታ ከም ዝረኸብኩም ከተረጋግጹን ክትፍርሙን ክሓቱኹም እዮም። ዘይብርሃልካ ነገር እንተሎ ነቶም ሰራሕተኛታት ሕተቶም።  ቅድሚ መመልከቲኹም ምምዝጋብኩም ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም።

ሓደ **ተርጓሚ** ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን መጀመርያ ምስ አባል ሰራሕተኛታት ናይቲ መቐበሊ ኣጋይሽ ብዝርድኣኩም ቋንቋ ንክትረዳድኡ ክሕግዘኩም እዩ። እቲ ተርጓሚ ንዝተዛረብካዮ ነገር ንኻልእ ሰብ ኣይከካፍልን እዩ።

### ብዛዕባ ኣገባብ ዑቕባን ክትክተሎም ዘለካ ሕግታትን ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ዝተፈላለየ ብሮሹራት ክትረክብ ኢኻ።

ብተወሳኺ ንኻልኦት ትካላት ሓበሬታን ሓገዝን ብነጻ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ኣብ መወዳእታ እዚ ብሮሹር ናይ ትካላት ዝርዝር ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## **ሕጂ ኣብ ጥልያን ኢኻ ዘለኻ ንሳ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ። ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ዝበሃላ ድማ፡**

እተን 27 ኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፤ ኣውስትርያ፣ ቤልጅየም፣ ቡልጋርያ፣ ክሮኤሽያ፣ ቆጵሮስ፣ ቸክያ፣ ዴንማርክ፣ ኢስቶንያ፣ ፊንላንድ፣ ፈረንሳ፣ ጀርመን፣ ግሪኽ፣ ሃንጋሪ፣ ኢጣልያ፣ ላቲቭያ፣ ሊትዋንያ፣ ሉክሰምበርግ፣ ማልታ፣ ሆላንድ፣ ፖላንድ፣ ፖርቱጋል፣ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፣ ሮማንያ፣ ስሎቫክያ፣ ስሎቨንያ፣ ስጳኛ፣ ሽወደን ከምኡ'ውን

ካልኦት 4 ሃገራት፡ ኣይስላንድ፡ ሊክተንሽታይን፡ ኖርወይ፣ ስዊዘርላንድን።

## **ኣቓልቦ!**

ዑቕባ ንምሕታትን ናብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ንምጉዓዝን ዝምልከቱ ሕግታት አለዉ እዮም።

እቶም ሰብ መዚ ካልእ ነገር እንተዘይሓቢሮምኩም **ናይ ዑቕባ መመልከቲኹም ኣብታ ፈለማ ዝኣተኹምላ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ኢኹም ክተመዝግቡ ዘለኩም።**

**ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ጥራይ እያ።** ኣብ ጥልያን ዝርከቡ ሰብ መዚ፣ ኣየነይቲ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ንሕቶ ዑቕባኻ ተሓታቲት ምዃና ንምውሳን መስርሕ ክኸተሉ እዮም።

**ኣብ ጥልያን ክትጸንሕ ኣለካ። ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ።** እንተ ወጺእካ ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህሉ እዩ። ኣብ ጥልያንዘሎ መስርሕ ዑቕባኻ ደው ክብል ይኽእል እዩ። ኣብታ ካልእቲ ሃገር ናይ ምንቅስቓስ ናጽነትካ ክድረት ይኽእል እዩ፡ ገለ ናይ መቐበሊ ኣገልግሎታት ድማ ክስረዝ ይኽእል እዩ።

# እንታይ ክትረክብ ኢኻ?

*[እዚ ሙሉእ ሓሳብ ኣብ ሃገራዊ ሕግን ኣሰራርሓን ተመርኩሱ ክቕየር ይኽእል እዩ።]* ኣብ ውልቃውን ፋይናንሳውን ኩነታትካ ተመርኲስካ ዝስዕቡ ኣገልግሎታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡



- መጽለሊ



- ናይ ውልቃዊ ጽሬት ፍርያት



- ምግቢ



- ክዳውንቲ





- ንመዓልታዊ ወጻኢታት ዝኸውን ገንዘብ

እቶም ሰብ መዚ ፕረፈቱራ ውልቃውን ፋይናንሳውን ኩነታትካ ብዝበለጸ ንምርዳእ ሕቶታት ክሓቱኻ እዮም።

ደገፍን ኣገልግሎትን ኣብቲ ሰብ መዚ ዝወሰንዎ ቦታ ጥራይ ኢኻ ክትረክብ እትኽእል።


## መሰል ክንክን ጥዕና



እቶም ሰብ መዚ **ዘድሊ ክንክን ጥዕና** ከም እትረኽቡ ከረጋግጹልኩም እዮም።

ምስ ሓደ ሓኪም ወይ ነርስ ሕክምናዊ መርመራ ንክትገብር ክትመርጽትኽእል ኢኻ። ጥዕናኻ ከምርምሩን ክሕግዙኻን እዮም።

## ንሰራሕተኛታት ሓብሩ፣ እንድሕር ደኣ፡



- ትሕቲ 18 ዓመት ኮይንካ ብዘይ ወለድኻ በይንኻ ወይ ምስ ካልኦት ኣባላት ስድራቤት መጺእካ እንተኾይንካ
- ሓሚምካ ወይ ተጎዲእካ ኣለኻ
- ጥንስቲ ኣለኺ ወይ ጥንስቲ ክትኮኒ ተኽኢልኪ
- ፍሉይ ደገፍ ዘድልዮም ኣባላት ስድራቤት ኣለዉኻ
- ስንክልና ኣለካ
- ብቐጻልነት ትጭነቕ፡ ትሓዝን፡ ድቃስ ትስእን ወይ ኣሉታዊ ሓሳባት ኣለዉኻ
- ጥቕዓት እንተበጺሑካ
- ውሕስነት ዘይስምዓካ እንተኾይኑ ወይ ንሓደ ሰብ እንተ ፈሪሕካ
- ኣብ ዝኾነ ካልእ ደገፍ ዘድልዮ ኩነታት ኣለኻ።

**ምእንቲ ክድግፉኻ ነቶም ሰራሕተኛታት ክትኣምኖምን ብናጽነት ክትዛረቦምን ትኽእል ኢኻ።** ኩሉ ሓበሬታ ምስጢራዊ ክኸውን እዩ፣ እዚ ብዘይ ስምምዕኩም ንኻልኦት ኣይክካፈልን እዩ ማለት እዩ።

እቲ እንኮ ፍሉይ ዝገብሮ ኩነታት ንህይወትካ ወይ ናይ ካልእ ሰብ ሂወት ኣብ ሓደጋ እንተወዲቑ'ዩ።

## መሰል ትምህርቲ ንህጻናት

ኩሎም ህጻናት፡ ኣወዳትን ኣዋልድን፡ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም መሰል ትምህርቲ ኣለዎም።



## ናይ ምስራሕን ኮርስታት ናይ ምክትታልን መሰል

ከም ኩነታትካ ብምምርኳስ ኣብ ጣልያን ኣብ ትሕቲ ዝተወሰነ ቅድመ ኩነት ንክትሰርሕ መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ። እቶም ሰራሕተኛታት ኣብ ኣየናይ ኩነታት ክትሰርሕ መሰል ከምዘለካ ክሕብሩኻ እዮም።

ብዛዕባ እንታይ ዓይነት ኮርሳት ክትከታተል ከም እትኽእል እውን ክነግሩኻ እዮም።







## ኣበይ ኢኻ ክትጸንሕ?

እቶም ሰብ መዚ ናይ ምቕባል ስደተኛታት፣ ናይ ሚንስተር ውሽጣዊ ሃገር ክፍሊ ናሲቪል ሓርነትን ምታውን ፕሬፈቱራን ኣቲ ትዓርፈሉ ቦታ ይውስኑ። ከም ኣድላይነቱ ኣብ ውሽጢ ጥልያን ነጻ ኾይንካ ክትንቀሳቐስ ትኽእል ኢኻ።

ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ኣብ ዝምርመረሉ እዋን እትዓርፈሉ ቦታ ኣብ ብዙሕ ረቛሒታት ይምርኮስ።



# ኣቓልቦ!

እቶም ሰብ መዚ **ኣብ ሓደ ፍሉይ ቦታ** (ንኣብነት ኣብ ፍሉይ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ) ክትጸንሕ ከም ዘለካ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም።

ካብቲ ፍሉይ ቦታ ብገለ ገደባት ክትወጽእ ናጻ ክትከውን ኢኻ። ኣብቲ ዝተገልጸ ፍሉይ ቦታ ምህላውካ ብቐጻሊ ኪቆጻጸሩ ይኽእሉ እዮም።



**ኣበይ ተዓቍብኩም ኣለኹም ብዘየገድስ ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉኹም፡**



- **ውሑስ ኩን:** ሰራሕተኛታት ሓዊሱ ዝኾነ ሰብ ከፈራርሓካ፣ ክጸርፈካ ወይ ክጎድኣካ ኣይፍቀደሉን እዩ።



- **ምስ ሰብኣይኪ፡ ምስ ሰበይትኻ፡ ደቅኻን ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣሕዋትካን ወይ ድማ ምስ ሓደ መዓልታዊ ክንክን ዘድልዮ ዓቢ ዘመድካ ጽናሕ**
- መዓልታዊ ክንክን ዘድልየካ ዓቢ ሰብ እንተኾንካ **ምስ ኣዝማድካ ጽናሕ**



- ምስ ኣባላት ስድራቤትካ **ንምዝርራብን ኣበይ ከምዘለዉ እንተዘይፈሊጥካ ድማ ንክትደልዮም ንክትፍትን ሓገዝ ምርካብ።**

# ሓደ ኣመልካቲ ክእሰረሉ ዝኽእለሉ ኩነታት

ምእሳር ማለት ብናጽነት ክትወጽእ ኣብ ዘይትኽእለሉ ፍሉይ መሳለጥያ ክትቕመጥ ከለኻ ማለት እዩ። እቶም ሰብ መዚ ንኽኣስሩኻ ብቑዕ ምኽንያት ክህልዎም ኣለዎ። ኣብ ጉዳይካ ካልእ ኣማራጺ ከምዘይከኣል ርግጸኛታት ክኾኑ ኣለዎም። እቶም ሰብ መዚ ፖሊስ ቅድሚ ምውሳኖም ውልቃዊ ኩነታትካ ኣብ ግምት ከእትዉ እዮም።



ምኽንያታት ማእሰርቲ ንኣብነት፡

- ኣገደስቲ መዳያት ናይ ዑቕባ ሕቶኻ (ንኣብነት መንነትካ) ብዘይ ምእሳር ክረጋገጽ ኣይክእልን እዩ።
- ኣብ ፍሉይ ቦታ ናይ ምጽናሕ ግዴታ ኣየኽበርካን፣ ዳግማይ ክትሃድምን ሰብ መዚ ክበጽሑኻ ዘይክእሉሉን ሓደጋ ኣሎ።
- ናብታ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ንምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ + ሃገር ክትሰጋገር ውሳነ ተወሲኑልካ ቅድሚ እቲ መስርሕ ምስግጋር ክትሃድም እትኽእለሉ ሓደጋ እንተልዩ።
- ናይ ጸጥታ ሓደጋ ትፈጥር እንተኾንካ።

እንተተኣሲርካ ነቲ ውሳነ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ። ብነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።



## ኣብዚ ደረጃ እዚ ኣብ እዋን ኣቀባብላ ግዴታታትኩም እንታይ እዮም?

**ኣብ ታሕቲ ገለ ካብቶም ክትክተልዎም ዘለኩም ግዴታታት ኣለዉ።**



- ✔ ሕጊ እዛ ሃገር ተኸተሉ።
- ✔ ኣብ ጥልያን ጽናሕ፣ ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣይትጓዓዝ።
- ✖ ሰብ መዚ ጸንሑሉ ካብ ዝበሉኹም ቦታ ብዘይ ፍቓድ ኣይትውጹ።
- ✔ ሕግታት ናይቲ እትዓርፉሉ ቦታ ምኽባር።
- ✔ ብዛዕባ ርክብ ሓበሬታኹም ንሰብ መዚ ኣፍልጡ።

## ግዴታታትኩም እንተዘይተማሊእኩም እንታይ ይኸውን?

እቶም ሰብ መዚ ንኹነታትካ ክግምግሙን ዝወስድዎ ዝኾነ ስጉምቲ ክሕብሩኻን እዮም።


ንኣብነት ካብቲ በዓል መዚ ክትጸንሕ ኣለካ ኢሉ ዝወሰኑሉ ቦታ ብዘይ ፍቓድ እንተወጺእካ ወይ ኣቐዲምካ ኣብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዑቕባ ኣመልኪትካ ካብኡ እንተወጺእካ **ውሑድ ደገፍ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ**።

ዓመጽ እንተገይርካ፡ ንኻልኦት እንተፈራሪሕካ ወይ ድማ ብተደጋጋሚ ወይ ብዕቱብ መንገዲ ሕግታት ናይቲ እትሓድረሉ ቦታ እንተጥሒስካ **ትረኽቦ ዘለኻ ደገፍ ክትስእኖ ትኽእል ኢኻ**።





## ብዘይ ፍቓድ ሰብ መዚ ናብ ካልእ EU+ ሃገር እንተተጓዒዝካ እንታይ ይኸውን?




### ኣብ ጥልያን

- መስርሕ ዑቕባኻ ደው ክብል ይኽእል እዩ።

### ኣብታ ብዘይ ፍቓድ ዝተጓዓዝካላ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+፡

- እቶም ሰብ መዚ ናብታ ብዘይ ፍቓድ ገዲፍካያ ዝወጻዕኻ ሃገር ክመልሱኻ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም።

ሰብ መዚ ብዛዕባ እቲ ንኽመልሱኹም ዝወሰኑላ ውሳነ ካብ ዝሕብሩኹም ህሞት ጀሚሩ፡ ንስኹም ዝተወሰኑ መሰላት ኣይትረኽቡን ኢኹም፡ ንኣብነት፡

- ንስኻ **ሓያሎ ዓይነታት ደገፍ ኣይትረክብን ኢኻ።**
- ንስኻ **ክትሰርሕ ወይ ኮርሳት ክትከታተል ኣይክፍቀደልካን እዩ።**

## ንውሳነ በዓል መዚ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም ሕጋዊ ሓገዝ ድማ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

እቶም ሰብ መዚ ከም ኣመልካቲ መሰልካ ክድርቱ እንተ ወሲኖምን እዚ ፍትሓዊ ኣይኮነን ኢልካ እንተኣሚንካን **ነቲ ውሳነ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ።**

ከከም ኩነታትካ ብነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እዚ ማለት  ጠበቓ ክሕግዘካ እዩ።

ኩሉ ግዜ ንሰብ መዚ፣ ዘይመንግስታዊ ትካላት ወይ UNHCR ተወሳኺ ሓበሬታ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፣ እንተላይ ብዛዕባ ዘሎ ነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን።

እዚ ብሮሹር እዚ ንሓበሬታ ጥራይ እዩ። ንበይኑ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (EUAA) ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ከምኡ’ውን ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ ብሮሹር ብ EUAA ፍቓድ ዝተዋህቦ ብኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ እዩ ዝከኣል። EUAA ንልክዕነት ናይቲ ትሕዝቶ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቅበልን፡ እዚ ድማ ትሕዝቶ፡ ምሉእነት፡ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ ብሮሹር ተኻቲቱ ዘሎ ሓበሬታ ዝምልከት እዩ። EUAA ይኹን ን EUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ብሮሹር ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© European Union Agency for Asylum (ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ)፣ 2025